# ፳ይ ሰንበት ዘጽጌ

ጥቅምቲ 30 2018 (11/9/2025)

## ምስ ማርያም ኮንካ ኵሉ ዘሎካ ሂብካ ምኽኣል!



መዝሙር፡ ክርስቶስ ሥርዐ ሰንበት...ክርስቶስ ሰንበት ሥርዓልና ብኣኡ ሓቢርና ክንሕጎስ ዕረፍቲ ክትኮነና ሃበና፥ግራውቲ ወይኒ ዓምበቡ ኣታኽልቲ ፈረየ ሰለሙን እኳ ከም ሓደ ካብኦም ኣይለበሰን።

ንባባት፡ ፩ቆሮ 3፡9-17፥ ያዕ 1፡1-12፥ ግ.ሓ. 28፡7-17፥ ዮሓ 2፡13-22

ምስባክ፡ ኣርውዮ ለትለሚሃ፥ ወኣስምሮ ለማዕረራ፥ ወበነጠንጣብከ ትበቍል ተፈሢሓ ንነግሒታታ ተስትዮ፥ ንድንኵላታ ትምድምዶ፥ ብዝናም ተለምልማ፥ ንብቍላ ትባርኾ መዝ. 65፡10።

መዓልቲ ሰንበት ምስ ኣምላኽ እንራኸበላ ጸጋ እንዕደለላ ዕለት ስለ ዝኾነት ክነኽብራ ይግባእ። ሰንበት ኣኽብሩ ጽድቂ ግበሩ ይብለና ኣምላኽ። ሰንበት ዘየኽብር ንኣምላኽ ኣየኽብርን እዩ ስለዚ ብምዓልቲ ሰንበት ክንጽሊ ክንሳሕ ኣብ መኣዲ ቅ. ቍርባን ክንሳተፍ ይግብኣና።

፳ይ ሰንበት ዘጽጌ ኢና ዘኪርና ዘሎና። ኣስተንትኖና ምስ ማርያም ኮና ድላይ ኣምላኽ ምግባር እዩ። ሰብ ሕጉስን ቅሱንን ሕይወት ዘሕልፍ ምስ ኣምላኽ ክራኸብ እንከሎ ጥራሕ እዩ። ቅ. ኣጎስጢኖስ ነፍስና ንኣኻ ምስ ረኸበት ጥራሕ እያ ዕረፍቲ እትረክብ ይብል እዚ ኸኣ ካብቲ ዘሕለፎ ተመክሮ ሕይወቱ ብምርኣይ እዩ።

ማርያም ኣምላኽ ካብኣ ዝደልዮ ኵሉ ክትህብ ፍቓደኛ ኮይና ሕራይ ክትብል እንከላ ኵሉ ንስኻ እትደልዮ ክገብር ፍቕደኛ እየ ኢላ። ሰብ ሎሚ ሓደ ካብቲ ከቢድዎ ዘሎ ነቲ ኣምላኽ ካብኡ ዝደልዮ ክህብ ወይ ክሕግዝ ፍቓደኛ ምኳን ኣብዩ ባዕሉ ኣብ ዝደለዮን ዝሓሰቦን ጥራሕ ወፊሩ ኣሎ። ማርያም ሎሚ እውን ወደይ ዝበለኩም ግበሩ ትብለና ኣላ።

ኣብ ሕይወተይ መጀመርያ ንመን ሰሪዐ እነብር ኣሎኹ ክንብል እምብኣር እዋኑ እዩ። ልዕሊ ዝኾነ ንኣምላኽ ክንሰርዕ እንተ ኸኣልና ካብ ኣምላኽ ርሑቓት ኣይ ኮናና። ሃብቲ ጥዕና ክእለት ከምኡ ካልእ ነገራ ጥራሕ ነቐድም እንተ ኾና ጌና ኣብ ጸልማት ኢና ዘሎና። ብርሃና ክበርቕ ዝተባረኸ ሕይወት ክነብር ቦታ ኣምላኽ ኣብ ሕይወተይ መን ሒዝዎ ኣሎ ኢልና ክንሓትት ይግብኣና። ስምዒትና ድለትና ኣነ ዝብል ጥራሕ ክነቐድም እንከሎና ኣምላኽ ምሳና የሎን። ስለዚ እዋኑ ምስ ማርያም ኮና ነፍሰይ ንኣምላኽ ተዕብዮ እናበልና ርክብና ምስ ኣምላኽ ርኢና ንኽኣል።

ኣብዚ ፳ይ ሰንበ ዘጽጌ ቤተ ክርስትያን ፍቕሪ ክንምሃርን ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ክነተግብር ተበራትዓና። ከምቲ ክርስቶስ ብምሉእ ሕይወቱ ምእንቲ ድሕነትና ኢሉ ንገዛእ ርእሱ ዘወፈየ ንሕና እውን ንኻልኦት ክንውፈ ክንህብ ክነፈርሕ የብልናን። ኣብ ኩሎም ንባባትና ሓደ ጠርናፊ ሓሳብ ዘሎ ለገሳት ምኳን እዚ ኸኣ ግዙፍ ህያብ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ሓልዮትን ጸጋ ኣምላኽን ኣሚንካ ገዛእ ርእስኻ ምስ ምሉእ እምነት ኣወፊኻ ምኽኣል እዩ።

ኣብ ወንጌል ብዛዕባ ሓንቲ መበለት ኣብ ቤተ መቕደስ ዘልኣ ገንዘብ ብምልኡ ዝመጽወተት ይነግረና። ኣብ ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም ኣብ ጊዜ ኢየሱስ 13 ሙዳየ ምጽዋት (ሳጹን) ነረን። እዚ ኸኣ ሰባት ኣብኡ ቀሪቦም ንመስዋዕቲ ዝኸውን ክሕግዙ ኢሎም ወይ ነቲ ኣብ ቤተ መቕደስ ዘውጽእዎ ክሕግዝ ኢሎም ዘወፍዩሉ እዩ ነሩ። ብዙሓት ጽቡቕ ኣብዚሕ ኣቢሎም ይምጽውቱ

ነሮም። ሓንቲ መበለት ከም ኵሉ ሰባ ቀሪባ ዝነበራ ክልተ ሳንቲም ዚአክል ቆድራንቴን ኣቕሪባ፥ ዝወሓደ ገንዘብ።

ማርቆስ ወንጌላዊ ኢየሱስ ብዙሓት ምጽዋት ከውርዱ እንከለዉ ይርኢ ነሩ ይብለና። ንሓዋርያቱ ሓደ ነገር ከስተምህሮም ደልዩ ሎሚ ኸአ ንአና። ካብዞም ኣብዚ መቐበል ምጽዋት ዘውደቑ ኾሎም እዛ ድኻ መበለት እዚአ ዚበዝኅ ከምዘውደቐት ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ኣብዚ ኣምላኽ እንታይ ከምዝደሊ ንርኢ ንሱ ገንዘብ ኣይ ኮነን ዘድልዮ ንአና ልብና እዩ ዝደሊ። እዚ ኻብቶም ብዙሓት ብሓላፍነት ዝሕተቱ ወይ መራሕቲ ኣይ ኮነን ተገሊጹ ብሓንቲ መበለት ድኻ እዩ። ኣብ ጊዜ ኢየሱስ እቶም ዝደኸዩ ዝብሃሉ ዘኽታማትን መበለታትን እዮም ነሮም። ሓጋዚ ቤተ ሰብ፥ ስድራ ዘይብሎም ዝኾነ ሓገዝ ዘይብሎም፥ ስለዚ ዘየድልዩ እዮም። መበለታት እውን ብዓልበተን ብሕማም ወይ ኣብ ውግእ ምስ ሞተ ዕድሚአን ብዘየገድስ ካልአይ ክምርዓው ብዙሕ ዕድል ዘይብለን ኣብ ቅድሚ ስድራ መዋቲ ሰብአያ ይኹን ኣብ ርእሳ ብዙሕ ኣድላይት ዘይኮነት እያ። ቆልዑት ዘይብላ እንተኾነ እውን እቲጸገም ከቢድ እዩ።

እዚ ናይ እዋኑ ጸገማት እዩ ነሩ እንተ ኾነ ኢየሱስ በዛ ድኻ መበለት እዩ ሓቀኛ ምጽዋትን ፍቕርን እንታይ ምኧኑ ኽገልጽ ደልዩ። እዚ ዝወሓደ ገንዘብ እዛ መበለት ዘቕረበቶ ካብ ኵሎም እቶም ብብዝሒ ዘቕርቡ ዝነበሩ ከምዝበዝሕ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ ምኽንያቱ ኸአ ኾሎም ካብ ተረፎም እዮም ዘውደቑ እዚአ ግና ካብ ድኽነታ ዘለዋ ኹሉ ጥሪታ እያ ዝሃበት” እናበለ እነወፍዮ ነገር ብዝሒ ዘይኮነ ልብና ብዝያዳ ከምዘድሊ ይነግር።

**ኣብዚ ኢየሱስ ዓበይቲ ነገራት ኣብ እንቕርቦ ምጽዋት ክንገብሮ ዝግብአና ይሕብረና።**

- ሓቀኛ ምጽዋት መስዋዕቲ ክኸውን ኣለዎ። ዘገድስ እቲ እንህቦ ብዝኂ ምጽዋት ዘይኮነ ኵንኡ ዘሎ እነቕርቦ ናይ መስዋዕቲ መንፈስ እዩ። ውሑዳት ሰባት እዮም ነቲ ዘልኦም ሃብቲ ወይ ኣብ ሕይወቶም ናተይ ዝብልዎ ብገዛእ ፍቓዶም ኣብ ጥቕሚ ካልኦት ዘውዕሉ። ብዙሕ ጊዜ እንምጽውቶ ንአና ብዙሕ ዘየድልየና እንተ ሃብናዮ ዘየጸግምና ኢና እንህብ። ቤተ ክርስትያን ሎሚ ኣብ እንህቦ ምጽዋት ንእሽቶይ ምልክት መስዋዕቲ ገርና ክነቕርቦ ትደልየና። እታ ንኤልያስ ዝመገበት መበለት ክትምግቦ እንከላ መስዋዕቲ ገራ እያ (፩ዘነ 17፡1016)። ኣብ ወንጌል እታ መበለት ዘለአ ኵሉ እያ ኣወፍያ።
- ሓቀኛ ምጽዋት ንጽባሕ ወይ ድሕሪኡኸ ዝብል መንፈስ ዘይብሉ ኣብ ፍቕሪ ዝተመስረተ እዩ። እዛ ናይ ወንጌል መበለት ነታ ሓንቲ ሳንቲም ንርእሳ ክተትርፋ ትኽእል ነራ፥ ንክልቲአን እውን ንርእሳ ክትእክበን ትኽእል ነራ፥ እንተ ኾነ ኵሉ ዘልአ እያ ኣወፍያ። ካብ ቤት ኣምላኽ ክትወጽእ እንከላ ኵሉ ዘልአ ከይመጽወተት ክትወጽእ ኣይደለየትን።
- ምጽዋት ኣብ እምነት ዝተመስረተ ክኸውን ይግባእ (surrender)። እዛ መበለት ኣብ ኣምላኽ ምሉእ እምነት ገራ ንኹሉ ዘልአ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣቕሪባ። ሓንቲ ንርእሳ ኣየትረፈትን። ንአምላኽ ኣብ እነቕርቦ ወይ ንሓደ ጽጉም ኣብ እንህቦ ብምሉእ ልብና እንተ ኾነ ዓስቢ ኣልኦ።
- እዛ ድኻ መበለት ኣምሳል ኢየሱስ እያ። ንሳ ዘልአ ዘበለ ኵሉ ሂባ እምነታ ብምልኡ ኣብ ኣምላኽ ገራ። ኢየሱስ ካብ ፍቕሪ ሰማያዊ ኣብኡ ተላዒሉ ሕይወቱ፥ ስርሑን ኵሉ እቲ ጽቡቕ ዝገብሮ ዝነበረ ብምልኡ ምእንታና ንአምላኽ ሂቡ። በዚ ኸአ ንነፍሲ ወከፍና ተኸታሊ ኢየሱስ ዝኾነ ክገብሮ ዘለዎ ኣስተምሂሩና።

ኣብ ሓደ ዝንገር ታሪኽ ሓደ ኣቦ ናይ 3 ዓመት ጓሉ ሓደ ወርቃዊ መጠቕለሊ ወረቐት ስለ ዘጥፍአት ኣበርቲዑ ቀጺዕዋ። ኣብቲ እዋን ገንዘብ ብቐሊል ኣይርከብን እዩ ነሩ። ጓሉ ነቲ ዝነበረ ባኮታት ኣብ ትሕቲ ናይ ልደት ኦም ክተቐምጥ ምስ ረአያ ተናዲዱ። እዛ ንእሽቶ ሕፃን ንጽባሒቱ ነቲ ህያብ ኣብ ኣብአ ኣቕሪባቶ ከምዚ ኢላቶ "ኣቦ እዚ ህያበይ ንኣኻ እዩ"። በቲ ዝገበሮ ተጣዒሱ ሓቘፍዋ እንታይ ምዃኑ ክፍት እንተ ኣበለ ጥርሑ ዝኾነ ባኮ ወዮ ኣቦ መሊሱ ተቖጢዑ ንጓሉ ገጹ እናጸወገ ሓሪቑ "ንሓደ ሰብ እህያብ ክትህቢ እንከሎኺ ኣብ ውሽጡ ሓደ ነገር ክትገብሪ ከምዘሎኪ ኣይትፈልጥን እንዲኺ" እናበለ ሓቲትዋ። እታ ንእሽቶይ ቆልዓ ዝርንዝሕ እናነብዐት ንላዕሊ እናጠመተት "ኣቦ ጥርሑ ኣይ ኮነን ዘሎ ብዙሕ ስዕመት ኡፍ ኢለሉ ኣሎኹ ኵሉ ኸአ ንኣኻ እዩ" ኢላቶ። ኣቦ ልቡ ተሃሪሙ ኣእዳዉ ኣብ ልዕሊ ጓሉ ኣንቢሩ እቕረ በልለይ እናበለ ምሕረት ሓቲቱ፥ ነቲ ዝሃበቶ ወርቃዊ ሳጹንባኮ ኸአ ኣብ ጥቓ ዓራቱ ንዓመታት ኣቐሚጥዎ ነሩ። ዝኾነ ዘሕርቕ ነገራት ክገጥሞ እንከሎ ነቲ ባኮ ይስዕምን ነቲ ጓሉ ኣብኡ ዝመልአቶ ስዕመት ይዝክር ነሩ ይብሃል።

ክንህብ እንተ ኾና ምሉእ ልብና ውሃባይ ክኸውን ኣለዎ። ብዙሕ ጊዜ ክንህብ እንከሎና ገለ ንርእስና ነትርፍ። ንኣምላኽ ብምሉእ ከይነወፊ ዝዓግቱና ዝኽልክሉና ነገራት ኣለዉ፥ ፍርሒ፥ ትዕቢት፥ ንኣይ ይጥዓመኒ ከምኡ ዘይምፍላጥ ድንቍርና። ሎሚ እምብኣር ንርእስና ክንምርምር እንታይ እዩ ንኣምላኽ ከየወፊ ሕይወተይ ገንዘበይ ከዊልኒ ዘሎ ኢልና ክንሓትት ክንምርምር ግቡእ እዩ።

ኣብ ሕይወትና ፍቕርን መስዋዕትን ማዕረ ማዕረ ክነጓዕዘን ኣሎና። ኣብ ንባባትና ፩ያ ንኣምላኽ ልዕሊ ኵሉ ገሮም ናይ ዝኽአሉ ሰባት ብርእሱ ክርስቶስ ምእንታና ኢሉ ርእሱ ከምዘወፈየ እዮም ዝነግሩና። ፪ይ ኣብ ኣምላኽ ምሉእ እምነት ክንገብር እንከሎና እንረኽቦ ጸጋ ይገልጹልና፥ እንተ ኾነ ሎሚ ኣብ ዓለምና ከምኡ ኣይኮናን እንርኢ። ሕይወት ብዙሓት ሰባት ኣብ እዋን ፈተናን ከምኡ ኣብ እምነቶም ከቢድ ጸገም ክወርዶም ኢና እንርኢ ዘሎና።

ኣብ ገለ እዋን ገለ ካባና እንተ ሃብና ኣነኸ እንታይ ክኸውን ክጽገም እየ ኢልና ካብ ምሃብ ነድሓርሕር። እንተ ኾን ክነስተውዕሎ ዝግብኣና ኣሎ እታ ንሰባት እንህባ ንእሽቶይ ህያብና ካብቲ ንርእስና ኢልና እንህቦ ዝዓበየ ዝበለጸት እያ። ጦቢት ከምዚ እናበለ ይምዕደና "ብጾም ዝተሰነየ ጸሎትን ብቕንዕና ኻብ ዝረኸብካዮ ምምጽዋትን ጽቡቕ እዩ። ካብቲ ብዓመጽ ዝረኸብካዮ ብዙኅ እቲ ብቕንዕና ዝረኸብካዮ ሒደት ይበልጽ። ወርቂ ካብ ምእካብ ምጽዋት ምሃብ ይበልጽ። እዚ ልግሲ እዚ ኻብ ሞት የድኅነካ እዩ፥ ንኹሉ ኃጢአትካ ኸአ ኪሓጽበልካ እዩ፥ እቶም ንድኻታት ምጽዋት ዝህቡ ምሉእ ሕይወት ክረኽቡ እዮም" (ጦቢት 12፡8-9)። ኣበሃህላ ኣሎ "ዝህብ ኣይስእንን እዩ"። እዚ ኸአ እምነት ኣብ ኣምላኽ ንኹሉ ብነጻ ዝህበና ስለ ዝገብሩ እዩ።

ቅ. ጳውሎስ ከም ዝብለና ኣምላኽ ወሃብ ኩሉ ስለ ዝኾነ ድለትኩም ዘበለ ኹሉ ከም መጠን ሃብቱ ብክርስቶስ ኢየሱስ ገሩ ብክብሪ ኺመልአልኩም እዩ (ፊልጵ 4፡19) ይብለና። ንሱ ዘድልየናን ከመይ ኢልና ከም እንረኽቦምን ይፈልጥ እዩ። ክንገብሮ ዘሎና ከምታ መበለት ኣብ ወንጌል ኣብኡ ምሉእ እምነት ገርና ክንጉዓዝ እዩ። ሎሚ እምብኣር ርሕሩሕ ልብን ብርቱዕ እምነትን ዓድለኒ ኣምላኸይ፥ ንኻልኦት ክሕግዝ ክህብ ከፍቅር ልዕሊ ኹሉ ኻአ ምእንቲ ድሕነት ካልኦት ምሉእ ሕይወተይ ከወፍየልካ ሓግዘኒ እናበልና ክንልምን ይግብኣና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ